# መድረኽ

***ሕታም 3 ቁ 10፤ 4/17/2014 Editor: Tesfaldet Bahlibi***

## ***ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዛበ*** *All Things Considered*

### ***ሳልሳይ ክፋል***

part1 part2

==========================================================================

*ዓራቶም ዝጸበበቶም ዓሰርተ ኣህባይ፡ ርሓቐለይ ቅረበለይ ክበሃሃሉ፡ ሓደ ደድሕሪቲ ሓደ ክጸድፉ እንክርኣዩ ከለዉ። ctrl/click = (Tenmonkies ) ሰኣን ሰኒት ዘስዕቦ ተነጻልነት - ንተቓወምቲ ኤርትራ ይምልከት።*

==========================================================================

*ሓደ ውጡን ስራሕ ወይ ዕላማ ፡ ክዕወት ወይ ክፈሽል እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ከመይነት ኣጀማምርኡ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ግር መታን ከይ ብለኩም ድማኒ፡ ናይ ሎሚ ትንተና፡ ኣብ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ **ኪዳንን** መሰልቱን፡ ዝሓልፍዎ ዝነበሩ ኣሰከፍቲ ኣሰራት ዘድሃበ ኮይኑ፡ ተመሳሰልነቱ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) እውን፡ ቁሩብ ሸፈፍ ኢሉዎ ክሓልፍ እዩ። እቲ ዘላቒ ቁምነገር ናዚ ትንተና ከኣ፡ ምስቲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት፡ ዝተሓበረ ከርሲ ቴማ - ኣብ ዛዕባ ሰንኩል መርሃ ራእይን ሰልትን ከስዕቦ ዝኽእል ጠንቅታት ፍልልይ፡ ምስ ተቓመተ ወይ ምስ ረኣየ፤ ኣብቲ ናይ መጨረስታ ክፋል ምርብራብ ቁምነገራት ግን፡ ንመተዓረቒ ዝኸውን ክለሳ ሓሳብ፡ እዝግሄር እንተ ተሓዊሰዎ፡ ብምቕራብ ክድምደም እዩ። ንኺድ!!!*

***ኪዳን፡*** *ከም ስሙ ዘይ ኮነስ፡ ከም ባህርያቱ ዝልለ፡ ብሓያሎይ እኽብካብ ጀብሃ ነበር ውድባት ዝቖመ እዩ። ናይ ጀብሃዊ ባህሪ ዘለዎ ኮይኑ፡ ብናይ ኢትዮጵያ ወሳኒ ተራ ተመስሪቱ፡፡ ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ንዓይኒ ህሩፋት ለውጢ ዝስሕብ፡ መስኮተ ብርሃን ክፍንቅቕ ዘይ በቕዔ፡ "ናይ ውድባት መዓሰጢ መድረኽ" ኮይኑ ዝነበረን ዘሎን ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ምፍራይ ናይ ዝተፋላለዩ ፖለቲካዊ ጉጅለታት፡ ቀንዲ ምኽንያት ኮይሉ ዘሎ እዩ።*

*ኢትዮጵያ ህላወ ኪዳን ጥራይ ኣይ ኣኸላን። ብኽንደይ ዓጀባ፡ ባይቶ ኣብ ኣዋሳ ቆይሙ። ብድሕሪኡ እውን፡ ንዝተፈላለዩ ደርባዊ ሓይልታት፡ ከም ናይ መንእሰይ፤ ሸማገለ፤ ምሁራትን እና ፈላለየት፡ በብእዋኑ ብመጸዋዕታ ትኣኻኽቦምን ትቕልሶምን። ክሳብ ሕጂ ግን፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ስሙር ሓይሊ ዝኾኑ፡ ኣብ ናይ ሓድሕድ ምክሳስን ምጥልላምን ስራሓት ተጸሚዶም ይርከቡ። ካብዚ እንታይ ክንዝክር ወይ ክንፈልጥ ንኽእል? ኦም ብሓኽላ።* *ናይ ወያነ ሕልሚ፡ ኤርትራውያን ንኸይ ንሰማማዕ ምስምማዕ ምግባር እዩ። ከም ኑታ ዳዕሮ፡ ብሓኽላ ምኽራታ ማለት ይኸውን። እዚ ምስቲ ናይ ጃንሆያዊ ውጥን ተመሳሳልነት ኣለዎ።*

*ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ተባሂሉ ዝተገብረ ናይ ኦም ብሓኽላ፡ ጃንሆያውን ጽዮናውን ፈተነ ንምትግባር፡ ኣቕድም ኣቢሎም ዝኸተብዎም ጸረ ሰላም ሓይልታት፡ ከም ማሕበር ኣንደነት፤ ኣኽረርቲ ሸፋቱ፤ ኣብ ምንጎ ኣመንቲ ኣስላምን ክስታንን ኲናት ሓድሕድ ክባራዕ ምፍታን ነበረ። ጽንሕ ኢሎም ከኣ ለላህመቱ ኅቦዝ ኤርትራ፡ ኣብ ውትህድርና ኮማንዶስን መሊሻ ስርናይ ከቲቦም ህዝቢ ብህዝቢ ኑሓድሕዱ ንኽዋጋእ ፈቲኖም። ኣብ ጉዕዞ ግን፡ ኲሉ ሓደ ደድሕሪ እቲ ካልእ ፈሺሊዎም።*

fewsilybee@yahoo.com

*ብሕልፊ እዞም ዳሕረዎት፡ ኮማንዶሶም ይኹኑ መሊሻኦም፡ እዋኑ ምስ በሰለ፡ ምስ ህዝቦም ተሰሊፎም መስዋእቲ ዝኸፈሉ ኣካል ዘበሰብና እዮም። ኣቐድም ኣቢሉ ዓሚ ድዩ ቅድሚ ዓሚ፡ ሓደ ባእታ በመጉልሕ ድምጺ ናይ ወያነ ገይሩ፡ ኣፉ ከም ዝሃበ፡ ነዞም ኮማንዶስ ዳርጋ ኣብዑር እዮም ነይሮም እንክብል፡ /ሓሊመ እንተ ዘይ ኮይነ/ ዝሰማዕኩ እመስለኒ። እቶም ገሊና እንፈልጦም ኮማንዶስ ግን፡ ምሳና ኣብ ከንደይ ጽምዶ ዝወዓሉ፡ ከም ኩልና መሚዮምን ኣዛዊሮምን ዝሓሰቡ እዮም።*

*ጨዓር ዳንጋ ገባሮ ሓረስቶት፡ ብሰንኪ ስእነት ሸቕለትን፡ ዘይ ብርኩት ማእቶት ትሕዝቶ መሬት፡ ብዘኸተሎ ድኽነት ንዝተኸትብዎ ስራሕ፡ ኣስላም እውን ዝነበርዎ ነበረ፡፡ ነዚ ኣቶም፡ ከም ብተበግሶ ናይ ውልቆም ዕግበት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ኣስላም፡ ከጽንቱ መታን ዝዓጠቑ ከድዓት ደቂ ሃገር ጌርካ ምኹናኖም፡ ፖለቲካዊ ዓቕሊ ጽበት (political depression) እዩ። ንሱ ከኣ፡ ነቲ ንማሕበረ ሰብ ከበሳ፡ ኣብ ፍለማ ጉዕዞ ታሪኽ ሰውራና፡ ንዝተኻየደ ጽምዶ፡ ምስ ናይ ማሕበር ኣንድነት ጉዳይ፡ ኣተሓሒዙ ዝኸሰስ ዛንታ፡ ከም መሓፍስቲ ናቱ ኮይኑ ብዝተፈላለየ ብህለት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ባእታታት ይሰማዕ እዩ።*

*በቲ ካልእ ኣተገባብራ ናይ ኦም ብሓኽላ ግን፡ ልክዕ ብልክዕ ኣብዛ ዓለም እዚኣ፡ ክውን ዝገበረ ሓይሊ እንተሎ ኮይኑ፡ ስልቲ ህዝባዊ ግምባር ጥራይ እዩ። ኣደ ወሊዳ ትምከን፡፡ ንውግእ ከም ኳይላ፤ ንመስዋእቲ ከም መርዓ፤ ንጸበባ ከም ራህዋ ወዘተ ዝተቐበልዎ ጀጋኑ ተጋደልቲ፡ ታንክታት ጸላኢ ማሪኾም፤ ተገልቢጦም ብታንክታቱ እንድዮም ዘመንቀስዎ።*

*ወያነ ብስም ኢትዮጵያ፡ ምስ ሓያላት ተሓጋገዝቶም ኮይኖም፡ እንደገና ክርምሱና መታን፡ መልሓስን፤ ዓረርን፡ ቀለምን እና ተጠቒሙ፡ ህርድግ ካብ ዝብሉ፡ ዝያዳ 14 ዓመታት ወሲድሎም ኣሎ። ካብቶም ሓያሎይ ዝጥቀሙሎም ሜላታት ድማ፡ ነታ "ኦም ብሓኽላ" እትብል ኮይና፡ ውህደት ናይ መለሳውን ሱዛናውን (ጥውቕ suzan ) ጸዓት፡ በትሪ ጃንሆያውን ጸዮናውን ተቐቢሎም፡ "ኦም ብሓኽላ" ንምትግባር ከም እንደገና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ይካየድ ኣሎ።*

*ሓደ ካብቶም ሓያሎይ ዝካየዱ ዝነበሩን ዘለዉን ሓደገኛ ፈተናታት፡ ንናይ ውድባት ምርባሕ ምትብባዕ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ እቲ ውደባታት እውን፡ ኣብ ከም ናይ መንእሰያት ንበይኖም፤ ናይ ምሁራት ንበይኖም፤ ናይ ሃይማኖት ንበይኖም፤ ናይ ቀቢላታት ንበይኖም ክውገኑ ምግባርዎ እዩ። ናይ መጨረሽታ ዕላማኡ ከኣ፡ ሰምረት ተቓውሞ ሓይልታት ምሕራም፡፡*

*ተቓውሞ ኤርትራ ተባሂሉ ካብ ዝፍለጥ ክሳብ ሕጂ፡ በብዓይነተን ውድባት ከጅምራ ደኣ እምበር፡ ኣብ ሓደ ቅዋም ክሰምራ ኣይ በቕዓን። ኣብ ጉዳይ ሃገርና፡ ስምረት ናታተን፡ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ከም ምዃኑ፡ ጨሪሰን ሽለል ዝበልኦ እየን። ሕጂ እውን፡ ኣብ ሓደ ሚያዝያ 2014ዓም፡ ኣብ ዓዲ'ንግሊዝ፡ ማሕበር ደቂ መታሕት ብትሽዓተ ወነንቲ ሓሳባት ከም ዝቖመ ተኣውጀ። ማሕበር ትሽዓተ ደቂ መታሕት እንተ ዝበሃል ዝያዳ ንጹር ምኾነ ነይሩ። Welcome to the already crowded oposition warehouse club!!!*

*ካብቲ ሰነዶም ዝሕብሮን፡ ኣብ ፓልቶክ ከም ዝገለጽዎን ኣመታት ብምምርኳስ፡ እቲ ክርሲ ዕላማ (goal) ናታቶም፡ ካብቶም ናይ ነባራት ውድባት ደቂ መታሕት፡ ዝፈልዮም መለለዪ ከም ዘለዎም ኣይትርዳእን። ምናልባሽ፡ ኣብ ኣገባብ (objectives) ልሕሉሕ ፍልልይ ክህልዎም ይኽእል። ሓደ ካብኡ፡ ሲቪካውያን ኢና ስለ ዝብሉ። ስለምንታይ ሕጂ ከምዚ ኣድለየና፡ ንብል ሕቶ ከገልጽዎ እንክለዉ ድማ፤ ደምበ ተቓውሞ ብጠቕላላ፤ ኪዳንን ባይቶን ከኣ ከም ውህሉላት ሓይልታት፡ ኣበርክቶ ናታቶም ክፍሪ ስለ ዘይ ከኣለ ምዃኑ ይሕብሩ። ኣብ ዛዕባ መሰረታዊ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ ግን ኣይ ኣተውዎም፡፡ ንሱ ከኣ ስለምንታይ፡ ደምበ ተቓውሞ ከም ተሃሰየ።*

fewsilybee@yahoo.com

*ስለ ምንታይ ተቓውሞ መኺኑ: ንዝብል ሕቶ ጌና ክይ ተመለሸ፡ ማሕበር ስለ ዝኣወጅካ፣ ኣራሚ ወይ ተካኢ ንናይ ዝተዘናበለ ዕላማ ክትከውን ኣይ ከኣልን። ከት ዕወት እንተ ደኣ ኬንካ፡ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ክትቅይር ክትክእል ኣሎኳ። ኣተሓሳስባ ሓፋሽ ክትቅይር ከኣ፡ ነቲ ንናብራ ህዝቢ ከመሓይሽ ዝኽእል፡ ነገራዊ ዝኾነ ኩነታት ክትቅይር ከም ትኽእል፡ ምስ ተረጋግጽ ጥራይ እዩ ዝኸውን። እንተ ዘይ ኮነ፡ ወግሔ ጸብሔ ውድባት ምፍራይ፡ ጸገም ምውሳኽ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ መፍትሒ ጸገም ኣይ ኮነን። ድሮ እኳ ደኣ፡ እዚ ማሕበር ደቂ መታሕት ዝብል፡ ኣባህራሪ ዝኾነ ስሚዒታት ከም ዝፈጥር ኣይ ሰሓትን። - the mission carries a message that sounds an attempt to discriminate part of a society.*

*ንምኳኑኸ ደረት መታሕት ካብ ከበሳ፡ ካበይ ናበይ ክንብሎ ንኽእል? ንምኳኑኸ ኣብ መታሕት ዝነብር ማሕበረሰብ እንታይ እመስል? ንምኳኑኸ ማሕበረሰብ ማለት ከመይ ድዩ? ንምኳኑኸ፡ ዓዲ እንገራኻ ኣድኻ ማለት ከመይ ድዩ? ነዘን መታሕትን ከበሳን ዝብለወን ዘለው፡ እንግሊዝ ክፍንጭለን ሓሲቡ ኣይ ኮነሉን። ደርግን ጀብሃን ድማ፡ ንናይ መታሕት፡ ራስ ገዝ ከም ተሰማምዑ ንዘበሃል መዓት ወረ፡ ደቂ ጀብሃ ብኸመይ ንርእዮ? እዘን፡ ብሔራት ኢና ዝብላ ዘለዋ እውን፡ ንሳተንሲ ደይ ንራስ ገዝ እየን ተላዒለን ዘለዋ። እዚ ማሕበር ደቂ መታሕት ከኣ፡ ውሻል ናይተን ናይ ብሔራት ውድባትን፡ ናይቶም ሃይማኖታውያን ውድባትን፡ ከም ኮይኑ የስምዕ ስለ ዘሎ፡ ፍልዩነቱ ኣብ ምንታይ እዩ?*

*ማሕበር ደቂ መታሕት፡ ምስቲ ኣብ ኣርበዓታትን ሓሙሳታትን ዝነበረ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት፡ ከም ምስ ናይ ራቢጣ ኣል እስላምያ ዘመሳስልዎ ዘለዉ ይመስሉ። ኣብ ራእይ ኣጠራንፍኡ ወይ ኣወዳድብኡ፡ ኣስላማዊ ስለ ዝኾነ፡ ይመሳሰል ይኸውን። ኣብ ሕቕፊ ዕላማ ግን፡ ዝይፈላለ ይመስል። ራቢጣ ኣል እስላምያ፡ ግብረ መልሲ ናይ ዋዕላ ቤት ገርጊሽ ነበረ።*

*ኣብ ዋዕላ ቤት ገርጊሽ፡ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ ሸዑ፡ ናይ ኢትይዮጵያ ኢድ ኣእታውነት ብዝነበሮ፡ ኣብ ምንጎ ማሕበር ኣንድነትን፡ ካልኦት ሓይልታ ከም ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ጸርፍን ዘለፋን ዝነበሮ፡ ብሰብ ብረት ዝተፈራርሔ፡ ጎንጽታት ከም ተባርዔ ይትረኽ እዩ። ከም ሳዕቤን ናቱ ከኣ፡ ሸኽ እብራሂም ሱልጣን ምስ ተቖጥዑ፡ ንኽረን ወሪዶም፡ **ማሕበር ራብጥያ ኣል እስላምያ** ከም ዝመስረቱ ይዝንቶ። ቀንዲ ዕላማኦም፡ ኣብ ሃገራውነት ዘትከለ ኮይኑ፡ ከምዚ ናይ ሕጂ ማሕበራት፡ ዝብልዎ ዘለው ተነጽሎ፡ ልክዕነት የብሉን። ራቢጣ፡ ኣብ ጥንግናጋት ሕቶታት፡ ናይ ቀቢላታት ርእሰ ምሕደራ፡ በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ሸርዕያ ከም ርእሰ ሕጊ ሃገር፡ ክኾነሎም ኣይ ተሃንደዱን። ናብ ኪዳን ክንምለስ።*

*እዚ ደራሲ እዚ፡ ኪዳን ብግስ ምስ በለ: መልክዑ፣ ሕብሩን መሳርዑን ኣስተብሂሉሉ ስለ ዝነበረ፡ ብዛዕባ እንታይነቱ፡ ደቂቕን ሰፊሕን ትዕዝብቲ ኣስሚሩሉ ይነብር፡ ቅድሚ ሸሞንታ ዓመታት። ገለ ካብኡ ንምቑንጫል ድማ፡ ነቲ ንከመይነት ኪዳናዊ ኣሰያይማኡ (semantics of its nomenclature) ዝምልከት፡ ከምዚ እንክብል ኣልዒልዎ ነበረ።*

*“ ... ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተባሂሉ፡ ንኽስየም ዝተ ዋህቦ መብርሂ ግን ኣይ ፍለጥን። ... እዚ ስም እዚ፡ ካብ ምሕዝነት ብምንታይ እበልጾ?*

| ምሕዝነት | ኪ ዳ ን |
|---|---|
| ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ (ሃ.ም.ኤ) | ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ኤ.ዲ.ኪ) |
| Eritrean National Alliance (ENA) | Eritrean Democratic Alliance (EDA) |

*ብትግርኛ እንክርኤ ከሎ፡ ስም ኪዳን ብዘይካ ብ"ኤርትራ" ምስ ስም ምሕዝነት ኣይ ራኸብን። ብእንግሊዝ እንክርኤ ከሎ ከኣ፡ እቲ ፍልልይ ኣብ ሞንጎ National vs Democratic ዝብላ ቓላት እዩ ...“*
*ትዕዝብቲ ቀዳማይቲ ርብዓዊት ወርሓት 2006 ዓ.ም ካልኣይ ክፋል ተስፋልደት ባህልቢ ግንቦት 26፣ 2006 ዓ.ም.*
fewsilybee@yahoo.com

*ሕጂ እውን፡ ከም እንደገና ምድህሳሱ፡ እዋናዊ ኣድላይነት ኣለዎ።*

***<u>ምሕዝነት</u>**፡ ልክዕ እንግሊዛዊ ትርጉሙ፡ **<u>Alliance</u>** እዩ። **<u>ኪዳን</u>** ማለት <u>Alliance</u> ኣይ ኮነን።*
***<u>ኪዳን፡</u>** ልክዕ እንግሊዛዊ ትርጉሙ፡ **<u>Covenant</u>** እዩ።*

*ስለዚ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራውያዊ ኪዳን ማለት = Eritrean Democratic Covenant ክነሱ፡*
*= ከም Eritrean Democratic Alliance ይፍለጥ።*

*ከምዚ ዝዓይነቱ ተገራጫዊ ኣሰያይማ፡ ብሞያዊ ጽፈት /professional excellence/ ይኹን፡ ብመትከላዊ ርእሰ ዕላማ፡ ክቕየኣስ እንከሎ፡ **<u>ዝህለላ</u>** ብውሕዱ ትንኩልና ከኣ ብስውሩ እዩ። እቲ ትንኩልና፡ ንምሕዝነት ብኸመይ ኣገባብ ይእለ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ለውጢ ቃላት ጌርካ ብምምዝማዝ ተኸናዊኑ።*

*ንሱ ከኣ፡ ነታ National እትብል ቃል፡ ካብታ ናይ Eritrean **<u>National</u>** Aliance መዝሒቕካ ብምውጻእ፡ ብሓንቲ ካልእ ቃል፡ ብ **<u>Democratic</u>** ምስ ተካእካያ፡ Eritrean **<u>Democratic</u>** Alliance ትኾነልካ። እቲ ዝህለላ ግን ከሕባእ ኣይ ተኻእለን። ንሱ ከኣ፡ ምስቲ ትግርኛዊ ወይ እንግሊዛዊ ትርጉማቱ ዘይ ቃዶ ኮይኑ ይርከብ። Eritrean Democratic Alliance, EDA, ምስ ትግርኛዊ ትርጉሙ፡ **<u>ኤርትራዊ ዲሞራስያዊ ኪዳን</u>** ኣይ ሰማማዕን። ስለምንታይ ኢያ፡ እታ Alliance እትብል ቃል ኣብ ክንዲ "ምሕዝነት" ምባላ፡ "ኪዳን" ኮይና? ከምዚዶ ኣይ መስልን - ሻዕብያ "ዓዋት ንሓፋሽ" ስለ እትብል፡ ካልኦት ተቓለስቲ ወይ ተቓወምቲ ግን፡ "ዓወት ንሓፋሽ" መታን ከይብሉ፡ "ዓወት ንህዝቢ" ይብሉ።*

*ከም ኣጋጣሚ፡ ሒ ማቕ መዓልቲ ስለ ዝወዓሉ፡ ኣይ ኮኑን ተጋግዮም። ኮነ ተባሂሉ፡ ነቶም ኣቕድም ኣቢሎም፡ ካብ ምሕዝነት ኮርዮም ምስ ወጹ፡ ተሓሲሞም ዝጸንሑ፡ ከም ክልተ ጋንታታት ናይ ሕዳሪናይ ተ/ጋ ስዩምን ናይ ተ/ጋ ሕዳሪናይ ኣሕመድ ናስርን ካልኦት ሓደ ክልተ ሓደስቲ ጋንታታት ጨፋሊቕካ ብምእታው፡ ሓዲሽን ምዕቡልን ኪዳን ዝበሃል ተመስሪቱ ንምባል እዩ። ብዝኾነ መዓቀኒ ግን ካብ ምሕዝነት ዝገደደ ደኣ እምበር፡ ብልጸት የብሉን።*

*ሓደ ዝህለ ስም ሓዘል፡ ፖለቲካዊ ስርዒት ወይ ትካል ድማ፡ መንጸብረቕታ ካብቲ ዝህለ፡ ኣገባብ መርሃ ራኢይን ስልትን ዝምንጩ ይኸውን፡፡ ንሱ ከኣ፡ ምስክርነት ደረጃ ብቕዓት፡ ናይቶም ሓንጠጥቱ ዝሕብር እዩ። በዓል መን ከም ዝወዓልዎ ዘተሓሳስብ እዩ።*

*ነቲ ብትንኩልናን ዝህለላን ዝተሓንጠጠ ሰነድ ውዕል ኪዳን፡ ገሊኣቶም ኣባላት ኪዳን፡ ንባህ ኣይ ብሎ፡ ምስ ዕቃቢታቶም እንከለዉ፡ ዓይኖም ጸቒጦም ንዘጽደቕዎ ቀዋም ኪዳን፡ ከይዱ ከይዱ እንታይ ኣፍርዩ? ፍረ ትመስክር!!! ብኸምዚ ኩነት ዝብገስ ስርዒት፡ ኣብ ጉዕዞኡ ንኽሃጉግ ዘሎ ተኽእሎ ረዚን እዩ። ንምስክር፤ ምሕዝነት . . . ኪዳን . . . ባይቶ . . . ኩሎም = ባዶሽ = the zero sum game.*

*ከም ኣጋጣሚ ዝመስል ኣገራሚ ነገር፡ ስመ ዕላማ ኪዳን፡ ምስ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣሰያይማ፡ ተመሳሳልነት ኣለዎ። እሾኽ ብበልሓ ትፍጠር ከም ማለት ድዩ? በንጻሩ፡፡ እሾኽ ብጎዳማ ትፍጠር ከም ማለት ይመስል።*

*Eritrean Liberation Front = <u>ግምባር ሓርነት ኤርትራ</u> ደኣ ምበር፡ **<u>ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ</u>** ማለት ኣይኮነን*
*ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማለት = Eritrean Liberation Struggle ክነሱ*
*= ከም Eritrean Liberation Front ኮይኑ ይፍለጥ፡፡*

fewsilybee@yahoo.com

*Eritrean Liberation Front = ኣል ጀብሀት ልታሕሪር ኤርትርያ* <u>الجبهة لتحريرإريتريا</u> <u>*ማለት ግን ልክዕ እዩ።*</u>

*እንታይ ንማለት እየኸ? ዕጥቃዊ ገድሊ ኤርትራ፡ ከከም ኣገባብ ራእይን ስልትን ናይ ፈለምቱ ኣፍርዩ እዩ፡፡ እቲ ቀዳማይ ፍለማ፡ እቲ ኣብ 1961 ዝተበገሰ ከኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ፍለማ ድማ፡ እቲ ኣብ 1971 ዝጨንፈረ (ኣንቆራ ጀብሃ) እዩ። ጉዕዞ ተጋደሎ፡ ካብ መጀምርትኡ ክሳብ መወዳእትኡ፡ ከከም ኩነታቱ እና ተጋደለ ዝተዓወተ፡ እኩብ ድምር ናይ ሓደ ሓያልን ፈቃር ሃገሩን፡ ዝኾነ ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ እዩ።*

*እቶም ፈለምቲ (the pioneers) ቀዳማይ መድረኽ፡ ካብ ባዶ ተመኩሮ ተበጊሶም፡ በታ ዝነበረቶም ትሕዝቶን ዓቕምን፡ ኣብ ምፍታንን ምግጋይን ምእራምን (try and error) ፡ ተሞክሮ ኮይኖም፡ ዝበድህዎ መድረኽ ዑዙዝ ታሪኽ እዩ፡፡ ይኹን ደኣምበር፡ እቲ ዝተፈጸመ ፈተነታት፡ ራእይ ዕላማኡን ስልትታቱን ከየጻፈፈ፡ ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል እዋን ስለ ዝበልዔ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ምጅማር ካልኣይ መድረኽ ኣስዒቡ።*

*ፈለምቲ ካልኣይ መድረኽ ድማ፡ ነቲ ኣብ ጅመራ ቀዳማይ መድረኽ፡ ዝተራእዩ መኻልፋት ጽቡቕ ገይሮም ስለ ዝተማህርሉን ዘለለዩዎን፡ ብተዛማድነት፤ ፍልይ ዝበለ መርሃ ራእይን ስልትን ዘሎዎ ገድሊ ጀሚሮም፡፡ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ዝወድኤ ቃልሶም ከኣ፡ ገድሊ ንነጻነት ኤርትራ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ኣትዩ።*

*ገድሊ ኤርትራ፡ ኣብ ቅጽጽሮም ምስ ኣተወ ድማ፡ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ቃልሲ፡ ንኹሉ ውሽጣውን፤ ዞባውን፤ ዓለምኻውን ወጥርታት በዲሆም፡ ባንዴራ ባዕዲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣውሪዶማ። ስለዚ፡ ሃገራዊ ውዕሎ ንጹር መርሃ ዕላማን ስትራተጅን ዝሓትት ከቢድ ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ዝኾነ ሰብ ከከም ድላዩ ዝወራዘየሉ ኣይ ኮነን። ብተዛማድነት ናይዚ፡ ስም ገደብ ኪዳን ማለትከ ከሜናይ እዩ?*

# <u>*ኪ ዳ ን*</u>

*ኪዳን፡ በቶም ዘራይ ናቱ ኮይኖም ዘለዉ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ እና ተዘወረ፡ ንሓድነትን፤ ድሕነትን፤ ልእላውነትን ሃገርና ዘሰግኡ፡ ሃሳይቲ ሕንፍሽፍሻት ከካይዶም ንዘጸንሐ ምጥቃስ ዝኣክል፡ ስለ ዝግዥር ህን ክትብሉ። ንምኺኑ፡ ንብዙሓት ሓዲሽ ሓበረታ ስለ ዘይ ኮነ፡ ንምዝኽኻር ግን ኣይ ከፍእን።*

1. *1999 - 2005 ዓም ናይ 11 ውድባት ዝሓቖፈ፡ ብኹሉ መለኪዒታት፡ ካብ ባዶ ጀሚሩ ብባዶ ዝወድኤ፡* ***<u>ብምሕዝነት</u>*** *ዝፍለጥ ጥርናፈ ነበረ። "ዝወዓለ እንገርካ ዝሰሓተ እምከርካ" ከም እንብሎ መጠን፡ ተ/ጋ ቀለታ ኪዳን፡ ብዛዕባ ምሕዝነት ኣመልኪቶም፡ ዝለገስዎ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ንእንታይነት ወያነ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ብሕልፊ እኳ ደኣ፡ ንሕልፈት መራሕቲ ተቓውሞ ብዝያዳ ይምልከት። ( [keletakidane](keletakidane) ) ወያነ፡ ንምሕዝነት ብኻልእ ዓይነት ውደባ፡ ክትክእዎ ስለ ዝደለዩ ድማ፡ ኪዳን ዝበሀል ጥርናፈ ክፍጠር ገበሩ። ኮነ ድማ።*

   *እቲ ምሕዝነት' ቲ፡ ኣብ 2005 ዓም ኣብ ማእከል ሻቡዓይ ዓመታዊ ኣኼባኡ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እና ኣካየደን ከይ ደምደመን እንከሎ፡ ሃንደበት ብመጸዋዕታ ናይ ወያነ፡* ***<u>ኣኼባኡ ኣንጠልጢሉ ንኻርቱም ከርከብ ተኣዚዙ።</u>*** *ኻልኣት ጉጅለታት ተቓውሞ እውን ከምኡ ንኻርቱም ከም ዝክርከቡ ተገበረ።*

*ብፍላይ ንኣቓልቦና ዝሰሓበ ነገር ድማ፡ ሕዳሪናይ መለስ፡ ንኽልተ ዕሉላት መራሕቲ ውድባት፡ ንስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤልን (ሓረስታይ)፤ ንተ/ጋ መስፉን ሓጎስን ኣብ ካርቱም ብሕታዊ ርክብ ገይሩ። እዝግሔር ዋንኦም እንታይ ከም ዝበሎም።*

*Just to mention a tragic drama: ሕዳሪናይ ተ/ጋ ስዩም ዑቕባሚካኤልን ሕዳሪናይ ተ/ጋ ኣሕመድ ናስርን፡ ዝመርሕዎ ዝነበሩ ዉድብ ሶዎራዊ ባይቶ፡ ኣብ ሓሙሻይ ናይ ምሕዝነት ዓመታዊ ኣኼባ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ንኢትዮጵያ ብኢድ ኣእታውነት ከሲሶም፡ ኣባልነቶም ካብ ምሕዝነት ዝሰሓቡ እዮም።*

*እቲ ክሲ ድማ፡ ኢትዮጵያ ንተ/ጋ ሕሩይ ተድላ ባይርኡ፡ ሰክረታሪ ናይ ምሕዝነት ንኽኸውን፡ ስለ ዝገበረት እዩ ነይሩ ይብሉ። ተ/ጋ ሕሩይ፡ ምስቲ ኩሉ ፍልጠቱን ክእለቱን፡ ብዝለዓለ ሓላፍነት ከመርሕ ከም ዝኽእል ዝመጣጠር ባእታ እዩ። ሰይጣን ኣይ ርባሕ ግን፡ ከም ሓበላ ዓይኒ፡ ናይቶም ብኽበሳነቱን ገለ ድኽመታቱን ዝስከፉ፡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ጀብሃ፡ ብዝተራቐቐ ውሕልነት ምስ ኣዘናበልዎ ንድሓር፡ ፖለቲካዊ ጸግኡ ኣንቆልቁሉ።*

*ብናይ ተ/ጋ ሕሩይ፡ ኣብ መሪሕነት ምሕዝነት፡ ካብ ሕብሪ ሰማይ /blue sky/ ዱብ ኢሉ ወሪዱ ምስ ተቐበኤ፡ መሪሕነት ሶውራዊ ባይቶ ብቑጣዔ ተቓዊሞሞ። ካርተሊና ኣባልነቶም ብምድርባይ ድማ፡ ኣኼባ ረጊጾም ተመርቂፎም። ካብ እትዮጵያ እውን፡ ቤት ጽሕፈቶም ዓጽዮም ወጺኦም። ነቲ ዝወሰድዎ ውሳነ ከም ሓደ ቁቡል ስጉምቲ ንምርዳዱ ድማ፡ ውርዙይ ዝመስል ፕሮፖጋንዳ ከም፡*

- *ልእላውነትና ኣሕሊፍና ኣይ ንህብን*
- *ኣብ ኤርትራዊ ጉዳይና፡ ናይ ደገ ኢድ ኣእታውነት እውን ኣይ ነፍቅድን፡*

*ዝብል ኣምሰሉነት ሰማዕናሎም፡፡ እግበረለይከ ከኣ ኣበሉና።*

*እቲ ድራማ እንክክሻሕ ግን፡ ስጉምቲ ከይ ሰጎሙ፡ ሶዎራዊ ባይቶ ንሓድህዶም ሓዊ ኣተዎም። ተፈናጭሎም። ኣብ ናይ ሕዳሪናይ ተ/ጋ ስዩምን፡ ተ/ጋ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ዘለውሉ በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ካሊእ ወገን ከኣ፡ ሕዳሪናይ ተ/ጋ ኣሕመድ ናስርን ተ/ጋ ዶ/ክ ሃብተ ዝሓዘ ጉጅለ፡ ክልተ ሶውራዊ ባይቶታት ኮይኖም ተበታቲኖም። ደሓርከ? ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጽዑቕን ፖለቲካዊ ኩናት ሓድሕዶም፡ ጉጅለ ሕዳሪናይ ተ/ጋ ኣሕመድ ናስር ናብ ምሕዝነት ተመሊሳ።*

*ጉጅለ ሕዳሪናይ ተ/ጋ ስዩም ግን፡ ኣብ ምሕዝነት ከይ ተመልሰት ምስ ጸንሔት፡ ኣብ ምስረታ ናይ ኪዳን ተኣኻኺቦም። ሸዑ ንሸዑ ከኣ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ቤት ጽሕፈታ ከፊታ። ነታ ብኢድ ኣእታውነትን ብጥሕሰት ልእላውነትን ዝሓመዩዋ ኢትዮጵያ፡ እንደገና ናብኣ ምምላሶም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝሃብዎ ስምዕታ ኣይ ዝከርን። ከም ዝጥርጠር ግን፡ ናይቲ ኣብ ካርቱም ምስጢራዊ ርክብ ኣብ ሞንጎ ሕዳሪናይ መለስን ሕዳሪናይ ተ/ጋ ስዩምን ካብ ዝተሓከመ ስምምዕ፡ ካብ ምኳኑ ኣይ ሓልፍን፡፡ ከምዝን ዝኸምዝን ኣሰራርሓ፡ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ባህልን ልምድን፡ ናይ ተቓውሞ ኤርትራ እዩ። ብልሸውና።*

*ተሓታትነትን ጉሉጹነትን ዝግድድ ህንጻ መንግስቲ፡ ንኽትምስርት ኢጋደል ኣሎኹ እናበልካ፡ ንባዕልኻ ዘይ ትቐየደሉ እንተ ደኣ ኳንካ ደኣም እንታይ ማለት ድዩ - ንህዝብኻ ትቐጥፍ ኣሎኺ ማለትዶ ኣይ ኮነን?*

*ነቲ ዝካየድ ዝነበረ፡ ናይ ሓድሕዶም ኩናት ንዝምልከት ትሕዝቶ ድማ፡ ብሓንቲ ምቅርቲ ሰነድ፡ ንምዝኽኻሩ እነሆለኩም።*

fewsilybee@yahoo.com

*ተ/ጋ ሳልሕ ቃዲ፡ ምስ ተጋ/ዶክ ሃብተ ተስፉማርያም ዘካየዶ ዕላል፡ ኣብ ሞንጎ ተቓወምቲ ዘሎ ሱር ነቀል መኻልፉት፡ ኣዝዩ እናመሸመሸ ይቕጽል ከም ዝነበረ፡ ዝሰነደ ኣገዳሲ ነገር ኣብ ታሕቲ ዘላ መሰጋገሪት/link ጠውቕ። Good job by Saleh!!!*

*ተጋ/ዶክ ሃብተ ኣብ ዕላሉ፡ ንስውእ ሓርበኛ ኣቦ ሶውራ፡ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣመልኪቱ ዝሃቦ ቃል፡ ብናይ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ብልሽውና የጣምሞም። በጃኻትኩም፡ ድኻምኩም ከይ ጸብጸብኩም ንምሉእ ትሕዝቶ ዕላል ብጽሕዎ።*

*"…Religious and ethnic problems are not new to Eritrea… and the process that followed the split within the RC made me compare it with historical incidents that had similar characteristics. Why are they repeatedly hammering the ENA as Islamic, etc? This is what the EPLF did in the past: in order to create a platform for itself to mobilize Christians, it repeatedly hammered the ELF as an Islamic organization. The same trend is being repeated here. Religious and ethnic feelings were not used only by those who wanted to protect their power; they were also used by those who were filled with hate and narrow feelings. … Even those who were not involved in power struggle and competition fell in that trap, the religious mobilization trap. Our much-respected patriot, Ato **Weldeab Weldemariam** had also committed such mistakes."*
*ንምሉእ ትሕዝቶኡ* (ElfRc crisis)

*ወልወል ኣብ ትሕቲ ምድሪ፡ ተሸሚሞም እና ሃለዉ እንከለዉ፡ ናይ ዶክተር ኢለዮ ኢሉኒ ማለት ኣየጫብጥን። (It reminds a straw man fallacy argument) ሓርበኛ ወልወል ዝፍለጥሉ ክብሪ መንነት፡ ሰማይ ጠቀስ ልዕልና ከም ዘለዎ ይፍለጥ። ካብ ልቦም ዝመንጨወ፤ ብኣፎም ዝበልዎ ፍቕሪ ሕውነት ንምግንዛብ፡ ነዚ ምጥዋቕ፡ welwel (failing to read this link is to miss delicious historical pie.)*

2. *ከምቲ ገሊኣቶም ንምቅንጃዉ መታን፡ ዘይተዋዕለ ኣበሃህላ ዝብልዎ ዘይ ኮነስ፤ ኪዳን፡ ንምትእኽኻብ ምሕዝነት፡ ብሳላ ኢትዮጵያ ኣላታን የብላን፡ ኣብ ጉንዲ ዓይኑ ኣላዲዱ ዝቖመ፡ እዩ። ኪዳን፡ ነንዝጠጥዔት ተኸሊ ተቓውሞ፡ እና ሃንኮተ ዝነበረን ዘሎን እዩ። ፍጥር ምስ በለ፡ ሓሙሽተ ሰርታት ዝሓዘላ ጉዳያት ኣበጊሱ - 1) ሃገራዊ ዋዕላ ወይ ጉባኤ ናይ ምሕዝነት ኣጀንዳ ዝነበረ ሰሪዙ 2) ንኣባልነት ዝምልከት፡ ዘይ ከም ናይ ምሕዝነት፡ ሓፋሽ ህዝቢ መታን ከይ ሳተፎ፡ ውድባት – እሞ ከኣ፡ ብውድባዊ ጉባኤ ንዝቖማ ጥራይ ከም ዘፍቅድ ገይሩ። 3) ኪዳን መተካእታ መንግስቲ ኤርትራ ከም ዝኾነ ለፍሊፉ 4) ንማዕርነት ድምጺ ኣባላት ዉድባት ዝምልከት ከኣ፤ ውድባት ኣብ ዓበይትን ነኣሽቱን ብምውጋን፡ እተን ዓበይቲ ኢሉ ዝሓረየን ምሉእ ድምጺ፤ እተን ንኣሽቱ ዝበለን ከኣ፡ ፍርቂ ድምጺ ከም ዝህልወን ገይሩ:: 5) ምስ መንግስቲ ኤርትራ ንኽደራደር ድማ፡ ቀጠልያ መብራህቲ ወሊዑ።*
3. *ድሕሪ ሓደ ዓመት ከኣ፡ ኣብ ካርቱም ዝተኻየደ፡ ካልኣይ ዓመታዊ ኣኼባኡ፡ ናይ ሸውዓተ ውድባት ሰምረት ዝኣወጀ ብተ/ጋ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ዝምራሕ ዝነበረ ውድብን፤ ካልእ ውድብ ድማ ተ/ጋ ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝምራሕ ዝነበረ ኣባልነቶም ኣሕዲጉ ኣንጠልጢልዎም። ድሕሪ ሰለፉ እንታይ ተረፉ?*
4. *ኣብ ሳልሳይ ዓመታዊ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደሉ ድማ፡ ኣብ ክልተ ወገናት - ኪዳን ቁ1ን ኪዳን ቁ2ን - ኮይኑ ተገማሚዑ ወጺኡ።*
5. *ኣባላቱ ድማ፡ ብናይ እስላማዊ ጥርናፈ ዝለለ ተዳሙንን፡ ብናይ ብሔራት ዉድባት፡ እና ተወነነን እና መሰለን መጺ።*

6. *ከም ዝዝከር ኣብ 2009 ዓም፡ ኣባል ኪዳን ቁ 2 ዝነበረ፡ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ ዝነበረ ሰልፊ ህዝቢ ( Eritrean People's Democratic Party, EPDP): ኣብቲ ንኺዳን ዘዋሰነ ዋዓዕላ ብሩስይልስ ምስ ተኻፈልዎ፡ ነቲ እናኸፍኤ ዝኸይድ ዝነበረ፡ ሃይማኖታውን ዓሌታውን ዘይ ምትእምማን፡ ሕርሕራይ ገይሩ ኣሰራሲርዎ። ምስረታ ተዳሙን ድማ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይዚ ከይ ከውን ጥርጣረ ኣሎ።*
7. *እዚ ኩሉ ዘይ ምትእምማንን ምርሕሓቓን እንዳ ተኻየደ እንከሎ፡ ብናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ባጀት ስልዒት፡ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብዝበሃል ስም፡ ጽላል ተቓውሞ ንኽቕውም፡ ሓንቲ ኣሳናዳኢት ኮምሽን ተላዕለት። ኮምሽን፡ ምሉእ ስልጣን ናይ ምድላው ተዋሂቡዋ ጀመረት።*

   *ንሓደ ዓመት ምስ መመላእታ፡ ደምበ ተቓውሞ፡ በዛ ዝተባህለት ኮምሽን እስትሂና ክብል ምስ ጸንሔ፤ ኪዳን ዘይ ከም ሽሙ፡ ምስዛ ናይ ባዕሉ ኮምሽን፡ ጎሮሮ ንጎሮ ተሓናነቐ። ገለ ኮምሽነራት ናይዛ ኮምሽን ኣዳላዊት ባይቶ፡ ዕለተ መወዳእታ ሂወት ናይ ኪዳን በጺሑ እዩ ክብሉ ተሰምዑ። ሰብ ዘለዎ ኣራፊዱ 'መውት ከም ተባህለ ግን፡ ብሳለ ኢትዮጵያ ኪዳን ካብ ተጻብኣታት ኮምሽን ድሒኑ። ዕለተ ጉባኤ ኣብ ዝተቓረበሉ ህሞት፤ ሰበ ኪዳን፡ ካለንዳርዮ ጉባኤ እንተ ዘይ ተቐይሩ ኣይ ክንሳተፎን ኢና ክብሉ ኣጠንቀቑ። ፈሕን ምራኽን ምስ ተቓልቀሉ፡ ኮነሎም ደኣ። ካለንዳርዮ ጉባኤ ተቐየረ።*

8. *ኣቦ መንበር ናይ'ዛ ዝተባህለት ኮምሽን ድማ፡ ልክዕ ከምቲ ባህርን ልምድን ናይ ኪዳን፡ ብህዝቢ ዝተሓርየ ንዝበልዎ ሓደ ኣባል ናታ፡ ሓለፊ ናይ ዜና ኮይኑ፡ እና ሰርሔ እንከሎ፡ ብስለላዊ ጥርጣረ ምኽኒት ኣጠረዞ። ኣብ ጉባኤ ንኸይሳተፍ እውን ተኣገደ። ደምበ ተቓውሞ ብጫውጫው ተናወጸ።*

9. *ኮነ ድማ፡ ተሳተፍቲ ጉባኤ ካብ ብዘላ ጫፍ ዓለም ብሕርያ ዝተዋጽኡ፡ ብናይ ኢትዮጵያ ስንቅን ዕጥቅን ንኣዲስ፤ ካብ ኣዲስ ድማ ንኣዋሳ ተጓዕዙ። ባይቶ ጉባኤኡ ጀመረ። ተሳተፍቲ ጉባኤ፡ ብናይ ኣስላማውያን ውድባትን ሲቪካትን ኣባላት ዝተዓብለለ ነበረ ተባህለ። እቲ ጉባኤ፡ ኣብቲ ኪዳንን መወልቶምን ዝደልዩዎ መኣዝን ንኽቐንዕ መታን፡ ሓደ ካናዳዊ ፕሮፈሶረ/ ናይ ህንጻ ሕገ መንግስቲ ምኩር/ Prof. Joseph E. Magnet ዝተባህለ ካናዳዊ፡ ኣብ ናይ ብሔር መሰል ርእሰ ውሳነ ከሳብ ምግንጻል፡ ዝሓዘሉ ዛዕባታት ኣምራት፡ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ንኽህብ ዕድል ተዋሂብዎ፤ ንኤርትራ ዝበታትን ኣምራት ዝገደፈሉ ኣይ ነበረን ተባህለ። እዚ ፕረፈሶር እዚ፡ ናይታ ውድብ ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር እትበሃል፡ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ቀንዲ መራሕ ጋንታኣ እዩ።*

   *እታ ንሱ ዝመርሓ ጋንታ በዚ ኣቶም ዝቖመት እያ። 1) Mr. Warren Creates Humanitarian & rights advocate for the Afar Peopele 2) Mr. Marlon Oneid, Strategic Advisor to Afar People 3) Mr. Brad Mackay, Investigative Jornalist/Human Right 4) Mr. Ali Mhammed EU 5) Mr. Muhammad Shehim US Represntative 6) Mr. Ali Issa Asia & Oceanis Represntative 7) Mr. Jamal A. Chehim Canada mRepresntative. Source:* [*http://www.afarforum.com/Final%20RSADO%20Foreign%20Mission%20Strategic%20Plan.pdf*](http://www.afarforum.com/Final%20RSADO%20Foreign%20Mission%20Strategic%20Plan.pdf)

*９. ኪዳን ከም ኣወሃሃድን መራሕን ጉባኤ ኣዋሳ፡ ሃገራዊ ጉዳይና መጣልዒ ገይርዎ ኣሎ።* ***ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ እንሆ ሎሚ ውድብ ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር፡ መንግስቲ ኣብ ስደት ኣዊጆም ይርከቡ። እዞም ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር፡ ጉዳዮም ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይ ኮነን። ሰፊሕ ጉዳይ ኣለዎም። ካርታ ተመልከት።***




*ኣወዳድባን ኣከያይዳን ናይ ኪዳንን ባይቶ ኣዋሳን፤ ንሓንድነትን ልእላውነትን ኤርትራ ንምብትታን፡ ጠንቂ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣምራት፡ እና ኣማእከለ ዝኸይድ ዘሎ፡ ኣሳካፊ ተበግሶ እዩ።*

*ውድብ ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር፡ ኣብ ውሻጠ ተዳሙን ወይ ኪዳን ተጸፍዩ፤ ምስቲ ባይቶ ኣዋሳ ብምትሕብባር፡ ነታ ንዘመን ዝኣክል ቀይሕ ደም ጀጋኑ ዝሰተየት፡ ምድሪ ራኢሲ ወልደንኬልን ራእሲ ተሰማን፤ ምድሪ ከቢረን ዓዋተን፤ ምድሪ ኢብራሂም ሱልጣንን ወልደኣብ ወልደማርያምን፡ ክቖራርጽዋ ዝገብርዎ ዘለው ሓደገኛ ተበግሶ፤ ብቐዳምነት ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ድሕነት ሃገር ስለ ዝኾነ፡ ሓሰኻ ዘለዎ ኤርትራዊ ሓላፍነቱ ዕዙዝን እዩ።*

*ናዚ ውድብ'ዚ ጉዳይ፡ ካርታ ክፍለ ዓለመ ኣፍሪቃ ዝቖይር ጠንቂ ዘለዎ ተበግሶ ኣለዎ። ኣብ ዓለምና ዘየለ። ንሕና ከም ኤርትራ፡ ነቶም ኤርትራውያን ዝኾኑ ዓፋርና፡ ኣሕዋትና ሰብ ዳንካልያ ጥራይ ዘይ ኮኑስ፡ ደቂ ኤረ ጻዕዳ ምዃኖም ንፈልጦም። ካብዚ ሓሊፉ ተሪፉ ግን፡ መሬት ኤርትራ ንወጻእተኛታት ዓሌታት ዓፋር፡ ተጨሪሙ ንኽወሃብ ብገንዘብ ወያነ ዝተሓብሉ፡ እቶም ኣብ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ረብሓ ኣሎና በሃልቲ፤ ኢሳያስ ጥራይ ይኺደልና እምበር፡ ካልእሲ ደሓር ነርክበሉ ዝእምነቶም፡ ውሕስነት የብሉን።*

*ተንኮል ደመኛ ወያነ፡ ከም ብርሃን ጸሓይ ኣብዚ እዩ ዝገሃድ። ካርታ ተመልከት። ንኢትዮጵያ ዝምልከት፡ ካብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ፡ ክሳብ ውሽጢ ሕብርቲ እትዮጵያ፡ ናይ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ክልል፡ ኣብ ካርታ ተቐሪጹ እንዳ ሃለወ፡ ስለምንታይ ደኣ ወያነ፡ ኣብ ክንዲ ንምድሮም ዝከለኸሉ፡ በንጻሩ ግን፡ ነዚ ውድብ እዚ ዘሰንቖምን ዘዕጥቆምን ዘለዉ? ካብ ምድሪ ኤርትራ፡ ንደንከል ገሚዕካ ንምፍላያ እዩ።*

*10. ባይቶ ኣዋሳ፡ ካብ ዕለተ ጉባኤኡ ክሳብ ሕጂ ካብቶም ተሳተፍቱ፡ ባዕላቶም ነብሶም ብምግላል ሓራ ኣውጺኦም፡ ስክፍታቶም በብእዋኑ ነጊሮሙና እዮም - እዝግሄር ይባርኮም።*

*11. ወፍሪ ባይቶ ኣዋሳ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ ዝተጋብኡሉ ኣጋጣሚ፡ ንሓደ ዉድብ ብሔር ኩናማ ኣባሪሩ። ወዮ ደኣ እቲ መባረሪ ምኽንያት፡ እስላማዊ ሓዘል ዝምባለ ዝነበሮ ኮይኑ እምበር፡ እዚ ውድብ እዚ እውን፡ ብወድዓዊ ምኽንያታት ክእረም ዘለዎ እዩ።*

*12. ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ 2013 ከኣ፡ ዶክቶር ዮሱፍ ብርሃኑ፡ መራሒ ባይቶ ዝነበረ፡ ኣሕፋሪ ብዝኾነ ፖለቲካዊ ቅለት፡ መዝነቱ ምስ ተቐንጠጠ፡ ደምበ ተቓውሞ መቃነይ ዳንኬራ ኮይኑዎም ወሪሑ። ሕጂኸ ናበይ?*

*12. ሰሰትያ ማይ ትምልኦ ከም ማለት፡ ዝተባለሸወ ምስ ተባላሸዉ፤ መከረይና ባይቶ፡ ሕጂ ከኣ ኣሎኹ ንማለት፡ ከም ብሓዲሽ ንቕሎ፡ ናብ ዋዕላ ከኣትው ይንቀሳቀሱ ኣለዉ። እቲ ዝተባረረ ውድብ ኩናማ፡ እቕረ*

*ተገቢሩሉስ ተመሊሱ ይበሃል ኣሎ። እቲ ስልጣኑ ተቐንጢጡ ዝነበረ፡ ዶክተር የሱፍ ብርሃኑ እውን፡ ስልጣኑ መሊሶሙሉ ተባሂሉ።*

*እዚ ምኹን ተቓውሞ'ዚ፡ ለውጢ ክገብር ኣብ ዝፈታትነሉ መድረኽ፡ ኣብ ዝገደደ ሒማቕ ውጽኢት ይድቕደቕ ደኣ እምበር፤ ናይ ምምሕያሽ ታሪኽ የብሉን። The more they try to make changes, the more it gets worse.*

*ከምዚ ክነሱ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ተረኽቦታት፡ ገለ ሕሉፋት ደረስቲ ኣብ ኢንተርነት ድማ፡ ሓለይቲ ወጹዓት ኣስላም መሲሎም፤ ክስታን፡ ከም ገበትቲ ናይ ኩሉ ዝጭበጥን ዘይ ጭበጥን ነገራት፡ ገይሮም ብምቕራብ ይኸሱ። ኣዛይዶም ክጸውዩሉ እንከለዉ ድማ፡ ንኺዳን ይኹን ንባይቶ ኣዋሳ  ዝወቓስ ባእታ፡ ከም ነውራም ሕሉፍ ጸረ ሶውራ፡ ገይሮም የራስሕዎ።*

*እዞም ንኽቀናድቡና ዝደልዩ ሰባት፡ ኣብ ሞንጎ ኣስላምን ክስታንን ኤርትራ፡ ጽልኢ ከም ዝነበረን  ዘሎን ኣምሲሎም፡ ነስላምናን ክስታናን ህዝብና ዝፈታትን ኩፍእ ነዝሒ፡ ከም ብበለካን ለኽዓካን  ተባሂሉ ዝበሃል፡ ናይ ተረጋም ጽውጽዋያት ይቋመቱ።*

*ክስታን ነስላም* "*ሰማይ ዓንዲ ኣይ ብሉ፤ ኣስላማይ ዓዲ ኣይ ብሉ*" *እዮም ዝብልዎም እና በሉ ይጽሕፉ።*

*ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘረባታት፡ ክብኩዑን ክጥጅኡን ዝፍትኑ ኤርትራውያን፡ ንስለ ፍትሒ ኪቃወሙ፡ ዘብቅዖም ትሕዝቶ፡ ዝጎደሎም ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ነውሪ። ነዝን ዝኸምዝን ዘኣንግድ ተቓውሞ፡ ክስታናን ኣስላምናን  ክንፋላለ፡ ዝዕድም ደኣ እምበር ናይ መሰል ሕቶ ምንት ኣይ ኮነን።*

***<u>ከምዚ ዓይነት ኣበሃህላ'ዚ ዝሕብሮ ሓበሬታ እንተ ሃልዩ፡  ሓደ ካብቶም ብዙሓት ጠንቅታት፡ ናይቲ ቀደም ዝበለየን ዝዓረቐን  ተቓውሞ ዝፈጠሮ ለምሲ ምኽኑ እዩ።  ጠንቂ ጠንቅታት እዩ።  ብኸምዚን ዝኸምዝን ሃላይ ኣገባብ ተቓውሞ፡ ዝመጽእ ለውጢ እንተ ሃልዩ፡ ኣሉታዊ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ንሱ ከኣ ደደርትኩም ሓዙ ከም ማለት የስምዕ። ሎሚ ነዝን ዝኸምዝን ከተ ኣታትዉ ዝህንደዱ፡ ንእንታይነቶም ዝሕብር  ነውሪ፡ ትሩፍ ኣተሓሳስባ እዩ'ምበር።</u>***

*ዘበሰብ ወይ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ከከም መጠን መበቆሉን ብዝሑን፡ በብዓይነቱ ኣባጫጭን ጭርቃንን ከም ዘዘውትር፡ ንፈልጥ ኢና። መን ንመን የባጭጨሉ ግን፡ ኩሉ ተደራራጊ ስለ ዝኾነ፡ ዘሕደሮ ቂምን ቅርሕንትን፡ ኣሎ ኢልካ ክትዛረበሉ ግን፡ ናይ ሃለልይ ዝተረፈ ብሂል እዩ። ሃላይ፡ ኣብ ሓደ ሓደ ዘይ እሩም ኣበሃላታት፡ ብምድማቕ ክረኽቦ ዝደሊ መኽሰብ ክህሉ ኣይ ክእልን። ሃላይ ዘረባ፡ ጸያቒ ኣፍ ስለ ዝኾነ፡ ነስተውዕለሉ ኣይ ነስተውዕለሉ ደኣ እምበር፡ ክንደይ ሃለልይ ዘብረባታት፡ ዘይ በልናን ዘይ ሰማዕናን።*

- *ኢናዓል ዲንኩም ማለት እኳ፡ ከም ሰዋስዉ ናቱ እንተ ተወሲዱ፡ ከቢድ ቃል እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ኣስላምናን ክስታናን ብኽፍኣት ዘይ ኮነስ፡ ብህልይና ወትሩ እንጥቀመሉ፡ ሰሓ ዘይ ብሉ፡ ወሰኽ ዘረባ ኮይኑ ይዝውተር።*
- *ነቶም ንሳቶም ጽሩያት ኮይናምሲ፡ ኣባጀነና ከኣ ረሳሕ የኢይ ኮኑስ፡ ቦርኮ ዲዮ - borko dio - ንዝብሉ ጠላይን ከደኣም፡ ኣባጀነና ጸሪፎሙልና ኢልና፡ ከም ኣኽላባት ሕኒን ክንብል ማለት ድዩ?*
- *ኣምሓሩ ድማ፡ ቅማላም ትግረ ስለ ዝበሉ፤ ተጋሩ ከኣ ኣእዱግ ኣምሓሩ ስለ ዝበሉ፤ ነቲኣቶም ቆማላት ኣይ ገብሮም፤ ነዚኣቶም ከኣ ኣእዱግ ኣይ ገብሮምን። ኩሉ ሃላይ ዘረባታት ስለ ዝኾነ።*
- *ተጋሩ ሃሱሳት ሓማሼን ስለ ዝበሉ፤ ሃሱሳት ሓማሼን ከኣ ዓጋመ ስለ ዝበሉ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ልቢ ትግራይ ጥውጥዋይ ስለ ዝበሉ፡ ከም ተጻላእቲ ኣህዛብ ገይርዎም ኣይ ፈልጥን።*

*ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ ክፋል ህዝቢ፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ክፋል ሕዝቢ ብጥርናፈ - መን ንመን ዝዓብለለ ማሕበረሰብ ኣሎ ድዩ? መን ንመን ዝበደለ ሃይማኖት ኣሎ ድዩ? መዋእሉ፡ ኣብ ባርነት ባዕዳውያን ዝነበረ ህዝብስ፡ ክስታን ሕልፈ ኣስላም፡ ነጻነት፤ ስልጣ፤ ዓቕምን ነይርዎምሲ፡ ዓብለልቲ ነይሮም? ሕጂ እንተኾነ ውን፡ ነቲ መንግስቲ ነናቱ ክንህቦ ጉቡእ እዩ። ማለትሲ -*

- *ጨዋኒ እንተ በልናዮ - ናቱ፤*
- *ገባቲ እንተበልናዮ - ናቱ*
- *ዲክታቶር እንተ በልናዮ - ናቱ፤*
- *ሽቃላይ ሃናጺይ ሃገር እንተ በልናዮ - ናቱ፤*
- *ዋርድያ ሃገር እንተ በልናዮ - ናቱ፤*
- *ሓማሴናይ መንግስቲ ክስታን እዩ፤ ዝበለ ኣይተ ምኹን ተቛውሞ ግን፡ ቅጥዒ ዝሰኣነ ቅንእን ጽልእን፡ ዘበኩዕን ዝቕጥንን ዘሎ ኮይኑ፡ ከም ገለ - እዚ ዘሎ ስርዓት እዚ፡ ስልጣኑ ናብ መን ብዘየገስ ከየሰጋገረ፡ እንተ ተሰናኺሉ፡ ኣብ ተጣዒስና ክንወጾ ዘይ ንኽእል፡ ኣብ ከም ናይ ሶማልያዊ እሳተ ወጥሪ፡ ክንርጉረጉ ዕድል ስለ ዘሎ፡ ወይልና ሕጂ እንተ ዘይ ተኣሪምና!!! እዚ መታሕት ካብ ደጋ ዝጥርር ፖለቲካ ሚለንዮም - ክኸትሎ ዝኽእል ኣሉታ፡ ወሰን ከም ዘይ ብሉ ይግመት። ከምኡ እውን እቲ ዓደይ ዓደይ ዝብል፡ ኣውራጃዊ ትምክሕትታት።*

*ክስታን ደኣ፡ ኣብ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ፡ ሕልፍን ትርፍን ኣስላም ዝተጎነዓሎም ኣሎ ድዩ? መን እዩኸ ሕልፍን ትርፍን ዝጉንፅ? ካብ ቅድሚ ገድሊ ክሳብ ሕጂ፤ መን ካብ መን ዝጠዓሞ ወይ መን ካብ መን ዝኸፍኦ ኣሎ ድዩ? ኣይ ፋልናን ደኣ ኣሕዋት።*

*እቲ ሕቶ፡ ናይ ዲክታቶርነት ሕቶ፡ ጥርይ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ይጥዓም ይኸፍኣዮ በልማማ ይሓልፎ ስለ ዘሎ፡ ናይ ሓባር ጉዳይ እዩ። ካብዚ ዝሓልፍን ዝተርፍን ሕቶ፡ እንተ ደኣ ኮይኑ ግን፡ ነቶም ሳሰይቱ ጽቡቕ ዕድል!!!*

*እንተ እቲ ሕቶ፡ ክስታን ከምዚ እዮም፡ ኣስላም ድማ ከምቲ እዮም፡ ወይ ከኣ ከበሳ ከምዚ እያ፡ ቆላ ድማ ከምቲ እያ ኮይኑ ከኣ፡ ነቶም ማይ ዝሰቴናስ እኳ፡ ክንደየናይ ከየረኻኸበልና፡ ነቶም ተረከብቲ መንእሰይ ግን፡ ክኸፍልዎ ዘይ ክእሉ፡ ከቢድ ዕዳ ምውራሶም ማለት ሰለ ዝኾነ፡ ቅቡጽን ሰይጣናዊ ትምክሕቲ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነት ሕጂ* ክግታእ *ኣለዎ።*

*መዓስን ኣበይን ኣብ ዝርዝር ከይ ኣቶና፡ ነዛ ተነካኢት ከም ብሩለ ኤርትራ፡ ናይ መነ መን ደም ሰትያ ከም ዝጎስዔት ምጽብጻብ ይሕሸና ድዩ? ብሓደ ዝተጭቆናላ፤ ብሓደ ዝበረስናላ፤ ብሓደ ዝተጋደልናላ፤ ብሓደ ዝተዓውትናላ ሃገርሲ፡ ንሕና ኢና ከምዚ ንሳቶም'ዮም ከኣ ከምቲ፡ ክንበሃሃል ኩፉእ እዩ። ሶውራ ኤርትራ፡ ከመይ ጀሚሩ ብኸመይ ይቕጽል ከም ዘሎ ብዘየገድስ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ ወገን ነቲ ካልእ ወገን፡ ክጭቁንን ክገፍዕን ኣይ ተራእየን፡ ኣይ ክህሉን ከኣ እዩ። ሎሚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምታ ትምኒቱ፡ ከም ናይ ቀደም ዘይ ኮነስ፡ ምዕባለ ብዘምጽኦ ምኽንያታት፡ ኣዝዩ ማዕቢሉን ተሓዋዊሹን እዩ።*


*ኣብ እዋን ገድልን ሎሚን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ናብራን ዕዮን ስለ ዝተሓናፈጸ፡ ሓዲሽ ባህልን ልምድን እና ኣጥረየ እዩ። እቲ ቀደም ዝነበረ ባህልን ልምድን፡ ገሊኡ እና ተቐየረን እና ተመሓየሸን እዩ። ምኽንያቱ - ባህልን ልምድን እናቀጸለ ዝምዕብል ወይ ዝቕየር ደኣ እምበረ፡ ከም ዘይንቕነቕ እምባሶይራ ተኾዲጨ ዝነብር ስለ ዘይ ኮነ።*

*ሎሚ ኣብ ዘበነ ናይባት፤ ነታባት፤ ድግለላት፤ ሰብ ቀምሽን ሽማገለን ተመሊስና፤*

- *እንትርፎ ነታባይ፡ ትግረ ፈረስ ዘይ ሰረሩ፤*
- *ዓኺይ ንሰብ ቀምሽ ዝግብረሉ፤*
- *ነዋልድ ከከም ላማኻ እትኽንሽበሉ፡ ኣብ ዘመነ እንእኒ ክንምለስ ዘይ ከውን እዩ።*

***ናይ ሎሚ ምድሪ ኤርትራ፡ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር፡ ዘይ ሸነላን ዘይ ተማሰነላን፤ ዘይ ረሃጸለን ዘይ ደመየላን፤ ዘይ ተሰዋኣላን ዘይ ተቐብረላን፡ ሓመድ ኣይ ትርከብን። ዓጽሙን ደሙን ከሰኪሉ ነጻ ዘውጸኣ ምድሪ፡ ንሳ ብኹላ ናቱ፤ ንሱ ከኣ ብኹሉ ናታ እዩ። መታሕት ናተይ ከበሳ ናትካ ዝበሃለሉ ዝነበረ መድረኽ ቀለሙ ሃሲሱ እዩ። ሓድነትና ከም እንደገና ተደሪዑ እዩ።***

*ኣውራጃነት እንተ ኾይኑ ድማ፡ ብዘይካ ኣብ ሓደ ውሱን፡ ስሉሳዊ ኩርንዕ ዝኾነ መሬታት፡ ኣብ ዝሰፍሔ መሬታት ኤርትራ፡ መዘረቢ ኣይ ኮነን።*




*እቶም፡ ሕሉፋት ኣውራጃውያን ክገልጹ እንከለዉ፡ ኤርትራውነት ማለት፡ መጀመርያ ካብ ዓደቦኺ - ደሓር ወረዳኻ - ደሓር ኣውራጃኻ - ደሓር ሃገርካ ከም ምዃኑ ይገልጹ። ልክዕ ኣይ ኮነን።* ***ዘርእን ኣውራጃነትን ክንደባልቖ እንተ ዘይ ደሊና፡ ኣውራጃ፤ ወረዳ፤ ዓዲ እትነብረሉ ኣድራሻ ደኣ እምበር፡ ፍልፍል ናይ መንነት ኮይኑ ኣይ በቅዕን። ፍልፍል ናይ መንነት፡ ካብ ሃገር ወይ ካብ ዘርኢ፡ ወይ ድማ ካብ ኽልቲኡ እዩ። ኣውራጃ ከም ሓደ ልእላዊ መሬት ተወሲዱ፤ ኣውራጃይ ኣውራጃኻ ማለት፡ ማንታ ናይ መታሕተይ ከበሳኻ ዝብል ኒሕ ኮይኑ፡ ኣብ ምዕቃብ ሃገራዊ ሓድነት፡ ኣሉታዊ ግደ ዘለዎ ተነካኢ ነገር እዩ።***

*ሎሚ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ፡ ኩሉ ህዝቢ ከም ሓደ ንህቢ ብሓንሳእ፡ ኣዴታትን ኣቦታትንን፡ ኣወዳትን ኣዋልድን፤ ኣብ ማእቶትን ህንጻ ሃገርን፡ ብራውያን ባዴላን መሬት ከፍንቅሉ ከለዉ ንዘይ ረኣየ፡ ሓዲሽ ባህሊ ድሮ ከም ዝማዕበ ኣይ መስሎን። ዘበን ሓሊፉ ዘበን ኣብ ዝትክኣሉ፡ ከም ወድዕነት ናቱ፡ ኣረጊት ባህሊ ይሓልፍ፡ ሓዲሽ ባህሊ ከኣ ይምዕብል። ስለ ዝኾነ፡ እቲ ባህልና ተመራሲሑ፤ ባህልና ተደዊኑባ . . . ዝብል መረረ፡ ኣብ ምንታይን ኣብ ከመይ ከይ ተነጸረ ዝበሃል መደናገጺ ዘረባታት፡ ክብደት የብሉን።*

*ስለዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከበሳዊ ይኹን ቆላዊ ብናይ ሓባር ቃልስን ምዕባለን ተሓዋዊሱ እዩ። ሓዲሽ ናይ ሓባር ባህልን ልምድን ኣጥርዩ እዩ። እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ርሓቑላይ ቅረበላይ ክብለሉ ዝኽእል ምኽንያት የልቦን። ብኸመይ ንነባበር ንዝብል ግን፡ ናይ ወራዘት ሕቶ እዩ።*

*ገ እናተባህለዶ ትጋገ ከም ማለት፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ተቓውሞ፡ ምስቲ ጀብሃ ዝሓለፈቶ መሳልል ታሪኽ፡ እና ተመሳሰለ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ከም ኣደማድማ ጀብሃ፡ ክድምድም ዘሎ ግምት ኣመና በሪኽ እዩ። ሓደ ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ኣደማድማ ናይ ጀብሃ፡* ***ኣብ ሕውስዋስ ሃይማኖታውን ቆላውን ውሕለላ፡*** *ዘድሃበ ከም ዝነበረ ኣይከሓድን እዩ።*

*ኣብ ዘመነ ብረታዊ ቃልስና፤ ጀብሃ ከም ኩነታት ኣጀማምራኣ፡ ብመንእሰያት ደቂ እምነት ምስልምና ምንባሩ፡ ኩውን ነገር እዩ። እቲ ሶውራ ሸዑ እዩ ጀሚሩ ማለት ግን፡ ልክዕ ኣይ ኮነን። ዘገም እንዳበለ ግን፡*

*መንእሰያት ክስታን ተሓዊስናዮ። ኣሰራርሓ ጀብሃ ከኣ፡ ከም ኩነታቱ ብቛንቋ ዓረብ ክከናወን ጸኒሑና። ብሃንቃሃንቃ ከኣ፡ ልምድን ኣካይዳን ናይቶም ገዳይም ተጋደልቲ ክንቅበል ሀርፋን ስለ ዝነበረና፡ ብዙሕ ኣበጫጭ ንሰምዕ እኳ እንተ ነበርና ሰሓ ኣይ ነበሮን፡፡ ኣብ ምንጎ 1975-1977ዓም ግን፡ ውሽጣዊ ቅሳነት ናይ ጀብሃ ኣዝዩ ተሃሰዩ።*

*ከምዚ ናይ ሎሚ ደምበ ተቓውሞ፡ ብሰንኪ ናይ ሓድሕድ ዘይ ምትእምማን፡ ዝደሃኾ ዘሎ ሕማማት፤ ኣብ ናይ ውድብ ጀብሃ ከኣ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን፡ ኣብ ምንጎ ገዳይም ተጋደልትን ሓደስቲ ተጋደልትን፡ እና ጸንከረ ዝኸይድ ዝነበረ ዘይ ምትእምማን፡ ከይዱ ከይዱ ኣዳኺሙዋ፡፡ ካብ ተጻረርቲ ሓይልታት ዘጋጥማ ዝነበረ ድፍኢት፡ ንሀላዌኣ ከተድሕን እውን ኣይ ከኣለተን።*

*እቶም ቀንዲ: ንተጋደልቲ ጀብሃ ዘየ ተኣማምንዎም ዝነበሩ ምኽንያታት፡ ኣብ ምንታይ እዮም ነይሮም ንዝምልሽ ሕቶ፡ ከከም መጠኑ፡ ብናይ ዝተፈላለዩ ዕግበታት፡ ከም ዝምለሽ ኣየጠራጥርን። ከም ናይ ሓባር ረቛሒ ኮይኑ ክቐርብ ዝኽእል ግን፡ እቲ ካብ ሃይማኖታውን ወገናውን ዝውለድ ተረሓሓቕቲ መናፍስቲ እዩም። እዚ እናሃለወ እቲ ተመክሮ፡ ኪዳንን መሰልቶምን ከኣ፡ ብዝገደደ ተታሓሒዘሞ ዘለው ዕላማ፡ ኣብ ክንዲ ንረብሓ መላእ ህዝቢ ኣለልዮም ዝደኽሙሉ፡ ንፍሉይ ዕላማታት - ንምስልምና፤ ንመታሕት፤ ንቀቢላታት ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ እርማት እንተ ዝገብርሉ፡ እቶም ዓዲ ውዒል እና ኾና ንኸይድ ዘሎና ምቕሰና፡ እቶም መንእሰይ ከኣ ተሰፋ ምኾኖም።*

*-ኣብ ራብዓይ ክፋል ይቕጽል -*

*እዝግሄር ዕርቂ ኣዝዘልና።*
*ዓውት ንሓፋሽ*

fewsilybee@yahoo.com